## ከም ቃሕታኘ ዝመሓደር ሃገራዊ ፖለቲካዊ ህይወት የሎን

## ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራሲ ወይ ከኣ ባርባራዊ ጭቆና'ዩ።

ማሕበራዊ ኮነ ፖለቲካዊ ጭቆና ውጽኢት ናይ ድኸም ኣተሓስስባ'ዩ። ጭቆና ውጽኢት ናይ ዕውር ስሰዐ'ውን እዩ። መሰረት ናይ ከም'ዚ ዝበለ ኣተሓሳስባን ውጽኢቱ ዝኾነ ጭቆናን ከኣ ስልጣን'ዩ። ግጉይ ኣጠቓቕማ ስልጣን። ስልጣን ምስ ዘይመቓራሕ፣ ስልጣን ምስ ዘይከፋፈል፣ ኣብ ኢድ ውሑዳት ወይ ሓደ ሰብ ጥራሕ ምስ ዝኹመር፡ መሳርሒ ህዝቢ ምኻኑ ተሪፉ፡ መሳርሒ ዓመጽን ግህሰትን ይኸውን። እዚ ናይ ዓመጽ ወይ ጭቆና መንግስታዊ ምሕደራ፡ ካበይ ይብገስ ብደቂቕ ክትፈልጥ፡ ብዓይኒኻ ትሪኦ ተግባር ጥራሕ ዘይኮነ፡ መሰረታዊ ደርባዊ ፖለቲካዊ ተፈጥሮ ወነንቱ ምፍላጥ የድሊ። ምኽንያቱ ሕብረተ-ሰባት ቀይሞም፡ ሃገራት ተመስሪተን ታሪኽ ከኣ ብቃል ኮነ ብጽሑፍ ክዝረብ ካብ ዝጀምር፡ እዚ ከም'ዚ ዝበለ ፖለቲካዊ ፍልስፍናን ሕሱም ውጽኢቱን ብተደጋጋሚ ምስተነግረና'ዩ። ካብ ከም'ዚ ዝበለ ሕሰም ዘገላግለና ስነ-ሓሳብን ተግባርን ከኣ፡ ህዝባዊ ደሞክራሲ ወይ ከኣ ኣብ ድልየትን ምርጫን ህዝቢ ዝተመሰረተ ምምሕዳር ተባሂሉ ዝጽዋዕ'ዩ።

ህዝባዊ ደሞክራሲ ብህዝቢ ኣዝዩ ዝድገፍ፡ ዝፍቶን ዝድነቕን ዝገብሮ ናይ ሕብረተ-ሰባት ድሌትን ሃንቀውታን ክምልስ ዝኽእል ብምዃኑ'ዩ። ምስ ምልካዊ ስርዓት ብምውድዳር ክረእነክሎ ብፍላይ፡ ቅንዕነቱ፣ ፍትሓውነቱ፣ ተቐባልነቱ፣ ኣብ ባይቶታት ዝገበር ክፉት ክተዓቱ፣ ንዜጋታቱ ዝህቦ ነጻነት፣ ሓለዋን ክብረት ሰብኣዊ መሰላቱን ..ወዘተ ኣቐዲሙ ዝርእን ዝከላኸልን ብምዃኑ ከም ምርጫ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያ፡ ጉዳይ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ልምዓት፣ ብምርድዳእ ህዝብን ወከልቲ ህዝብን'ዩ ዝመሓደር። ውግእ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ'ውን ብተመሳሳሊ ብህዝብን ወከልቲ ህዝብን'ዩ መደባት ዝወጽኣሉን ዝምከትን። ስለምንታይ ህዝባዊ ደሞክራሲ ንርእይቶን ተሳታፍነት ህዝብን ኣብ ጉዳይ ሃገር ዝለዓለ ቦታ ዝህብ ብምዃኑ። ማለት ሓቢእካ፡ ተኸዊልካ፡ ኣደናጊርካ፡ ኣደሃሊልካ፡ ምኻድ ዘይኮነ ግልጺ ብግልጺ ብምርድዳእ፡ ብምትእምማን ዘስርሕ መስመር'ዩ።

ስርዓተ ምልኪ ብኩለንተናኡ ኣንጻር ሰናይ'ዩ። ኣቃውማ ስርዓተ ምልኪ ንምርዳኡ ኣየጸግምን። ብባህሪኡ ጸረ-ህዝቢ'ዩ። ባርባራዊ'ዩ። ህዝቢ ኣብ ጉዳይ'ዩ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ክውስን ቦታ ኣይህብን። ብከፋፊልካ ግዛእ ድሑር ሜላ፡ ንህዝቢ ናብ መሳርሒኡ ቀይሩ፡ ህዝብታትን ሃገራት ዓለም ካብ ዝምርሕሉ ዝመሓደርሉ ኣድማሳዊ ስምምዓት ኣውጺኡ ተነጺሎም ክነብሩ ዝገብር'ዩ። ኣብ ከበባ ዘእቱ፡ ዘይምርግጋእን ህኮትን ምርጫኡ ዝገብር'ዩ። ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ብሓደ ሰብ ክውሰን ዘፍቅድ'ዩ። ስለምንታይ ኢልካ ክትሓትት ኣየፍቅድን። ስለምንታይ ምባል ክሳብ ብሞት ዘቕጽዕ ገበን'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ሎሚ ብኣንጻር ህዝባዊ ደሞክራስን ፍትሕን ጭቆና ሓይሉ ዜጋታት'ውን ነንሕድሕዶም ክፋጠጡ፡ ኩሉ ሐሕማቑ እንተተራእየ እዚ ጸረ-ህዝቢ ባህሪ ዝወለዶ ንምዃኑ ዘማትእ ወይ ዘደናገር የብሉን። ጉጅለ ህግደፍ ኣይኮነን ሎሚ ዓለም ዝፈለጦ ቅሉዕ ውልቀ መልክነት ኣብ ዘንገሰሉ፡ ኣብ'ቲ መድረኽ ሃገራዊ ነጻነት ማለት ኣብ'ቲ ጽዕጹዕ ኲናት ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን'ውን መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብሓባር ነገራት ይርእን ይውስስን ኣይነበረን። ሓባራዊ ኮሚቴኣዊ ኣመራርሓን ኣሰራርሓን ዝበሃል ካብ ብጊሓቱ ኣይነበሮን። ሎሚ ድማ የለን። ምኽንያቱ ሓደ ውሱን ጉጅለ ኣርሓ ውድብ ኣርሓ ሃገር ኮይኑ ስለ ዘሎ። እዚ ኢደ-ወነናዊ ኣርሓ እንተደለየ ቋንቋ ሰላም ይዝምር፡ ኣንተደለየ ቋንቋ ኲናት ይዝምር መን ኢኻ ስለምንታይ ንመን ረብሓ ኢሉ ዝሓቶ፡ ዘዋጥሮ የብሉን። ገለ ተዓዘብቲ ምስ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ዝተጓዕዘሉን ዝኸፈሎ ዋጋን እናነጻጸሩ፡ ኣብ ኤርትራ ነጊሱ ዘሎ ስርዓተ ምልኪ ካብ ካልኦት ዝኸፍአ'ዩ ኢሎም ክገልጽዎ ይስምዑ። ኣማን ብኣማን ሓቆም'ዮም። ምኽንያቱ ምልኪ፡ ምግባት፡ ፍርሒ፡ ጭካነ ደዋዊሱ ዝኸይድ ካብ መስመር ሰብኣውነት ዝወጽአ ፋሽሽታዊ ተግባር ዘዘውትር ስርዓት ስለዝኾነ።

ነቲ ሕልፍ ዝበለ ምልኪ'ዩ ዘብሎ ብገለ ኣብነታት ክሰንዮ፡ ከይትሰርሕ ይዕንቅፈካ፣ ዘፍረኻዮ ይቆጻጸረካ ይራስየካ፣ ንመዓልቲ ክንዲ'ዚ ባኒ ካብ ድኳናት ሕድሪ ገዚኣካ ትበልዕ ኢሉ ይውሰነልካ፣ ንዓይ ደስ ስለ ዘይብለኒ ኣብ እኸለ ዝበሃል ሃይማኖት ከይትኣቱ ከይተምልኽ ይብለካ፣ ማይ ናብ ህዝቢ ክቀርብ የብሉን ህዝቢ'ዩ ናብ ማይ ዘለዎ ክኸይድ ዘለዎ ዝብል መምርሒ የውርደልካ፣ ነቲ ንጹህ ገንዘብካ ካብ ባንኪ ከተውጽኦ ዘለካ ክንድዚ ጥራሕ'ዩ ኢሉ ይትምነልካ። ካብ ሰናይ ፍቓድ መንግስቲ ወጻኢ መጻምዲ ወይ ሓደር ምግባር ኣይፍቀድን ይብል። እዚ ናይ ክፉእ ክፉእ ምልኪ መግለጺ'ዩ። እዚ ተመክሮ'ዚ ዘይበጽሖ ወይ ብኡ ዘይሓለፈ ብፍላይ እቶም ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ኮይኖም መን ከማኻ ከማና ዝብሉ ውሑዳት መንቀልወጥቲ ተራ ጸለመ ወይ ነበራየ ነበረ ክመስሎም ይኽእል'ዩ። ብተግባር ግን ኣብ ኤርትራዊ ባይታ ነጊሱ ዘሎ ኣተሓሳስባን ተግባርን'ዩ። እዚ ዝገለጽክዎ እቲ መንግስታዊ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ማሕበራዊ ክፍልታትን ኤርትራ ካብ ዝፍጽሞ በርባራዊ ግፍዕታት " ካብ ማይ ባሕሪ ብጭልፋ'ዩ"

እዚ ጉጅለ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሃገር ጥራሕ ኣይኮነን ተቖጻጺሩ። ሃገራዊ ባጀት ጥራሕ ኣይኮነን ከም ቃሕታኡ ዝስልዕ። ህይወት ዜጋታት ኣበይ ክውዕል ከምዘለዎ'ውን ንሱ'ዩ ዝምድቦ። ልክዕ ከም ገንዘባዊ ባጀት ህይወት ዜጋታት ዝስልዕ ምልኪ'ዩ፡ ኤርትራዊ ህግደፋዊ ምልኪ። ነዚ ኩሉን ጸረ-ህዝቢ ባህርን ተግባርን ኣብ ክንዲ ዝሓፍረሉ ይኾርዓሉ። መን ከም ናትና ኢሉ ይንየተሉ። ናይ ካልኦት ማሕበረ ፖለቲካዊ ተመክሮ ኣይድልየናን ብኣንጻር ዓለም ካባና ክትመሃር ኣለዋ ይብል። ምሕደራና ንካልኦት የቕንእ ይምህር 'ምበር ብናይ ካልኦት ኣይቕንእን ካብ ካልኦት ኣይመሃርን ኢሉ ይሰብኽ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ነዊሕ ዝሰረቱ ናይ ጥፍኣት ውጥን'ዩ። ብደምን መስዋእትን ዝመጽአት ሃገረ ኤርትራ፡ ቅዋማዊት፣ ፍትሓዊት፣ ባይቶኣዊት፣ ደሞክራስያዊት ኮይትኽውን ህዝባ ፍረ ነጻነት ብግቡእ ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ እናሰተማቐረ ንቕድሚት ከይግስግስ ዝዓግት መንደቕ'ዩ።

 እዚ ህግደፋዊ ምልኪ ካብ ቀደም ዝሓለሞ፡ ሕጂ ድማ ብተግባር ሰሪሕዎ ዘሎ መንደቕ ድሕረትን ዕንወትን ክንዲ ዝጸንዐ ይጽናዕ ክፈርስ ክዓኑ'ዩ ዘለዎ። ብመለኽቲ ዝህነጹ መናድቕ ብርግጽ ፈረስትን ተሰዓርትን ምኳኖም'ዩ ዓለማዊ ታሪኽ ዝምህረና። ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ካብ ዝነበረን ኣማኢት ዓመታት ዝቐጸለ ዓሌታዊ ስርዓት ዝሃነጾ መንደቕ ዝጸንዕ'ኮ ኣይነበረን። እዚ ግን ሳላ ኣፍሪካዊ ሓርበኛ ነፍስሄር ኔንሰል ማንዴላን ብጾትን ዝገበርዎ ዘይሕለል ቃልሲ ዓንዩ ነበረ ኮይኑ። ናይ ኢሳያስ ህግደፍ መንደቕሞ ኣብ ቅድሚ መንደቕ ዓሌታዊ ስርዓት ደቡብ ኣፍሪቃ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ክሳብ ሎሚ ማለት ን26 ዓመት ክጸንሕ ገይርዎ ዘሎ  ናቱ ጽንዓትን ሓይልን ዘይኮነ፡ ናይ ደምበ ተቓውሞ ሕመቕ'ዩ።  ካብ ናይ ኣመራርሓ ብኩራትን ድሩት ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝብን ዝረኸቦ ዕድል'ዩ። ኤርትራ  ሃገረ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ልምዓት ክትከውን 'ምበኣር ናይ ግድን ህግደፋዊ ምልኪ ክፈርስ ኣለዎ።  ህግደፍ ብትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ ዝሃነጾ መንደቕ ምልኪ ክፈርስ ድማ፡ ዝተበታተነ ርእይቶን ዓቕምን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክቀራረብ፡ ክናበብ፡ ብሓባር ክወፍር፡ ናብ ሓደ ኣንፈት እምኒ ክድርብን ኣለዎ።

ካብ ስራጅ ኣሕመድ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 17-05-2017